Kanton Zürich
Bildungsdirektion
Volksschulamt

# ሓበሬታ ንወለዲ

## ቋንቋ ጀርመን ከም ካላኣይ ቋንቋ፣ዳስ (DaZ)





ዝኸበርኩም ወለዲ

ልዕሊ 40% ኣብ ካንቶን ዙሪኽ ካብ ዝርከቡ ተማሃሮ ኣብ ውሽጢ ስድራቤቶም ሓደ ካብ ቋንቋ ጀርመን ዝተፈልየ ቋንቋ ይዛረቡ። ሓደ ካብቲ ዕላማታት ናይቲ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ድማ ፡ ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኡኹል ቋንቋ ጀርመን ኪኢሎም ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዝዋሃቦም ትምህርቲ ንኸከታተሉ ብቕዓት ክህልዎም እዩ። ከከም ኣድላይነቱ ድማ ፡ እታ ቤት ትምህርቲ ነቶም ተማሃሮ ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ብመልክዕ ዳስ (DaZ) ፣ ቋንቋ ጀርመን ከም ካላኣይ ቋንቋ ብምምሃር ትሕግዞም።

ኣብዚ ዝቕጽል ድማ ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ፣ ነቶም ቆልዑን መንእሰያትን ቋንቋ ጀርመን ከም ካላኣይ ቋንቋ ንኽማሃሩ ከመይ ጌራ ከም ትሕግዞም ክትረኽቡ ትኽእሉ።




## እታ ቤት ትምህርቲ ንቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ከም ካላኣይ ቋንቋ ከመይ ጌራ ትሕግዞም ፧

መዋዕሎ ህጻናት ፥
- ዳስ (DaZ) ፣ ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ ኣብ መዋዕሎ ህጻናት ውሑድ ጥራይ ወይ ድማ ጠቕላላ ክአለት ቋንቋ ጀርመን ዝይብሎም ቆልዑ ፡ አንተ ብንጽል ወይ ድማ ብ ጉጅለ ፡ ተወሳኺ ደገፍ ብ ብቕዓት ዘለዎም መማህራን ናይ ዳስ (DaZ) ስልጠና ይዋሃቦም። ሓደ ቆልዓ እዚ ደገፍ እዚ ኣብ ሶሙን ብዉሑድ ኣብ ክልተ ግዜ ናይ ትምህርቲ ይዋሃቦ። እዚ ዳስ (DaZ) ፣ ትምህርቲ ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ ምስቲ ትምህርቲ ናይቲ መዋዕሎ ህጻናት ተወሃሂዱ እዩ ዝካየድ።

ትምህርቲ መባእታን ካላኣይ ደረጃን ፥
- ዳስ (DaZ) ጀማሪ ትምህርቲ
  ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ከይብሎም ወይ ድማ ኣዝዩ ዉሑድ ኣፍልጦ ሃልይዎም ናብ ካንቶን ዙሪኽ ዝመጹ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ትምህርቲ ናይ ዳስ (DaZ) ጀማሪ ትምህርቲ አንተ ብንጽል ወይ ድማ ብጉጅለ ይዋሃቦም። ዕላማ ናይዚ ደማ፣ ንሳቶም መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ብምቕሳም፣ ኣብቲ ስሩዕ ክፍሊ ብንጥፈት ክሳተፉ ንኽኽእሉ እዩ።

- ዳስ (DaZ) ስልጠና ዕብየት
  ዓቕሚ ቋንቋ ጀርመን ከማዕብሉን ከስፍሑን ዝግደዱ ተማሃሮ፣ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ትመህርቲ ይዋሃቦም።

ሓደ ቆልዓ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ደገፍ ምስ ዘድልዮ፣ እታ ቤት ትመህርቲ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ትኸይድ ፥
- መማህራን ወይ ድማ ንስኹም ወለዲ ደቅኹም ደገፍ የድልዮም እዩ ኢልኩም ምስ ትሓስቡ ፣ እቲ መራሒ ክፍሊ ንዝርርብ ናይ ዳስ (DaZ) ይዕድመኩም። ኣብቲ ዝርርብ ድማ ኣየናይ ደገፍ ደቁኹም ክዋሃቦም ከም ዘለዎ ምስቲ መራሒ ክፍሊ ውዕል ትገብሩ። ኣብዚ ኣብ ስምምዕ ምስ ዘይትበጽሑ ድማ ፣ እቶም ሰበ ስልጣን ትምህርቲ ውሳኔ የሕልፉ።
- ብድሕሪ እዚ ፡ እቲ ናይ ዳስ (DaZ) መምህር ንነብሲ ወከፍ ቆልዓ ውልቃዊ ዝኾነ ናይ ዕብየት ዕላማ ብምውጻእ ፣ ቋንቋ ጀርመን ኣብ ምምሃር ድማ ይድግፎ።
- እቲ መራሒ ክፍሊ ነቲ ቆልዓ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ይሕግዞን ን ናይ ቋንቋ ጀርመን ዓቕሙ ኣብ ግምት ዘእተወ ዕዮ (ዕዮ ክፍሊን ዕዮ ገዛን) ንኽዋሃቦ ድማ ይጥንቀቕ።
- ንደቁኹም ካብ ቤት ትመህርቲ ወጻኢ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ብኸመይ ክትድግፍዎም ከም ትኽእሉ ድማ እቶም መማህራን ከዘራርቡኹም እዮም።



## ወለዲ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ ፧

- ንደቁኹም ቋንቋ ኣደኦምን ቋንቋ ጀርመንን ጠቓሚን ኣገዳሲን ምኻኑ ኣርእይዎም።
- ምስ ደቁኹም ብዛዕባ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ በቲ ቀንዲ እትመልክዎ ቋንቋ ፣ እዚ ድማ እቲ ቋንቋ ኣዴኹም ምኻኑ እዩ፣ ቀጻሊ ምስ ትዘራረቡ ፣ ደቅኹም ኣብ ቋንቋ ጽቡቕ ዕብየት ንኽርእዩ ትድግፍዎም ወይ ደማ ተታባብዕዎም።
- ርከብ ምስ ቋንቋ ጀርመን ንኽህሉ ደግፉ። ደቅኹም ምስ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ቆልዑ ኣብ መጻወቲ ቅርዓት ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ጉጅለታት ፡ ኣብ መወዕሎ ህጻናት ፡ ኣብ ናይ ስፖርት ማሕበራትን ፋዲን (ቆልዑ ዝጻወትሉ በረኻ) ብሓንሳብ ብምህላው ብዙሕ ቋንቋ ጀርመን እዮም ዝማሃሩ።
- ምስ ደቅኹም ብሓንሳብ ብምኻን ካብቲ ኣብ ገዛውትኹም ወይ ድማ ኣብ ምምሕዳርኩም ዝርከብ ቤት ንባብ ናይ ቆልዑ መጻሕፍቲ ፡ ዝስማዕ ትረኻ ፡ ምሃሪ መጻወቲ ፡ ዝረኣን ዝስማዕን መራኸቢ ቡዙሃንን ኣምጽኡ። ምስቲ ቆልዓ ኼንኩም ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ርኣዩ ፡ ነቲ ቆልዓ መጻሕፍቲ ኣንብብሉ። እቲ ቆልዓ ባዕሉ ብዙሕ ንኽንብብ ድማ ተገደሱ።
- ቀረብ ብቐዳማይ ቋንቋኹም አንተ ደኣ ሃልዩ ፡ ደቅኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደን ባህልን ስደድዎም (ን ትምህርቲ ቋንቋ ኣደን ባህሊን ዝምልከት ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ተመልከት) ። በኸምዚ ድማ ደቁኹም በቲ ቀዳማይ ቋንቋኦም ምንባብን ምጽሓፍን ክማሃሩ ይኽእሉ። ካላኣይ ቋንቋ ምኽኣል ጠቓሚ ከኸውን ይኽእል እዩ።
- ደቅኹም ኣብ ገዛ ኣብ ፉሉጥ ሳዓታት ኣብ ሓደ ጸጥታ ዘለዎ ቦታ ኮይኖም ዕዮ ገዛ ንኽሰርሑ ተጠንቀቑ ኢኹም።
- ምስ መማህራን ደቅኹም ቀጻሊ ርክብ ይሃልኹም። ምሳኣቶም ነጻ ኼንኩም ብዛዕባ ኩነታቶም ኣብ ቋንቋን ትምህርትን ፡ ከምኡ እውን ኣብ ድሕንነቶምን ተዘራረቡ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ሰፊሕ ሓበሬታ ኣብታ (ቋንቋ ጀርመን ከም ካላኣይ ቋንቋ ኣብ መእተዊ ትምህርቲን መእተዊ ክፍሊን) እትብል ብሮሹር ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጥብቆ ክትረኽቡ ትኽእሉ ፥

www.zh.ch/daz

ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደን ባህሊን ፣ ን ኣብነት ኣድራሻን ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ዘሎ ቀረባትን ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጥብቆ ክትረኽቡ ትኽእሉ ፥

www.vsa.zh.ch/hsk und www.hsk-kantonzuerich.ch

ንመጻሕፍቲ ዝምልከት ማዕዳ ንወለዲ ብዙሕ ቋንቋ አንዳ ተዛረቡ ዝዓብዩ ቆልዑ ፥


- Nodari C./De Rosa R. (2003). ቡዙሕ ቋንቋ ተዛረብቲ ቆልዑ ። ኣማኻሪ ፡ ንወለዲን ንኻልኦት ኣለይቲን። Bern: Haupt.
- Cathomas R./Carigiet W. (2008). ዓቢ ዕድል፣ ክእለት ብዙሕ ቋንቋታት። ኣተዓባብያ ክልተ ወይ ድማ ብዙሕ ቋንቋታት ፣ኣብ ስድራቤትን ኣብ ቤት ትምህርቲን። Bern: Schulverlag.




006466